# ሰንበት ዘአስተምህሮ

## ሰነ 18 2015 ዓ.ም (6/25-/2023)

መዝሙር፡ ናክብር ሰንበቶ በጽድቅ... ሰንበቱ ነኽብር ስርዓቱ ኣይንሕደግ ንኣኡ ጥራሕ እዩ ሃሌ ሉያ፥ ጻድቕ እዩ ኣብ መንግስቱ ኸኣ ጽድቂ ይፈርድ፥ ንግሆ ከም ዝወግሕ ይገብር ምስ ወግሔ ኸኣ ምሕረቱ ይህበና፥ ኣምላኽና ኣምላኽ ድኅነት እዩ ዝስኣኖ የብሉን፥ ቃሉ ሓቂ ነገራቱ ዝእመን እዩ። እዚ መዝሙር ኣብ ወርኂ ኅዳር እውን ይዝመር እዩ።

ንባባት፡ ገላ1:11-19፥ ፩ዮሓ 1፡1-ፍ፥ (፩ዘነ 17:17-24) ግ.ሓ.14፡20-ፍ፥ ሉቃ 7:11-17።

ምስባክ:ኣንተ እግዚኦ መሓሪ ወመስተሣህል፥ ርኁቀ መዓት ወብዙኅ ምሕረት ወጻድቅ፥ ነጽር ላዕሌየ ወተሣሃለኒ። ንስኻ ኦጎይታ መሓርን ኣጸባቕን ኢኻ፥ ካብ መቕጻዕቲ ርሑቕ ብዓል ብዙሕ ምሕረትን ጻድቕን ኢኻ፥ ኣባይ ግልጽ በል እሞ ምሓረኒ (መዝ. 86፡ 15-16)።

ካብ ኣባ ገሪማ 17 ሰነ ክሳዕ ብኣተ ክረምት 25 ሰነ ዘሎ ኣብ ስርዓት ሉጡርግያና ዘአስተምህሮ ተባሂሉ ይጽዋዕ ሓንቲ ወይ ክልተ ሰናብቲ ዝሓዘ እዩ።

ኩሉ ንባባትና ኣብ ሓደ ግን ትምህርቲ ኣብ ዘለዎ ዘተኮረ ኮይኑ ንረኽቦ ሓዲስ ሕይወት ወይ ትንሣኤ ኣብ ሕይወት። ኣብ ሕይወትና ዝኀነፈና ለውጢ ወይ ተሓድሶ ህያብ ሓዲስ ሕይወት እዩ። ሓዲስ ዕድል ኣብ ተልእኮ ኣምላኽ ክትቅጽል ምርካብ እዩ። ከምኡ ክርስቶስ ንቤተ ክርስትያኑ ርኣዩ ወዲኺ/ጓልኪ እንደገና ብሕይወት ኣሎ/ላ ከም ዝብላ ዘሎ እዩ፥ እዚ ኸኣ ንሓዘን ናብ ሓጎስ ከም ምቕያር እዩ።

እዋናቱ ምስቲ ኣብ ወቕቲ ዝምስረት እዩ ወርኂ ሰነ ሓዲስ ሕይወት ኣብ ዘራእትን ኣታኽልትን ዝጅምረላ እያ። ዝናም ምስ ዘነመ ሓዲስ ፈልሲ ክበቁል ይርአ ኩሉ ንሓዲስ ሕይወት ክጅምር ንርእዮ እዚ ኣብ ባህርያዊ ነገራት እንዕዘቦ እዩ። ኣብ መንፈሳዊ ሕይወትና ብዓለ ጰራቅሊጦስ ኣብ ዒልና ሓዲስ ሕይወት ክርስትና ለቢስና ክንህሉ እዩ ናይ ሎሚ ሰንበት ዝነግረና ዘሎ።

ክንሕደስ ይድለ ኣሎ። ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ፍራንቸስኮስ ተሓድሶና ኣብ ምሕረት ገርና ክንጅምሮ ይደልዩና። ከምቲ ሰማያዊ ኣቦኹም መሓሪ ዝኾነ መሓርቲ ኩኑ ዝብል ትምህርቲ መምህርና ክርስቶስ ኣብኡ መሰረት ገርና ሕይወትናን ርክባትናን ክንመርሕ ንሕተት ኣሎን ኣ። ብርግጽ ክንምሕር ክንሓልፎ ዘሎና ነገራት ኣሎ፥ እዚ ኾይኑ እቲ ኣብ መወዳእታ ግን ርክብና ብምሕረት ክዛዝም ኣልኦ። ክርስቶስ ኣብ መስቀል ምሕረት ምሂሩና ኣብ ጽንኩርን ከቢድን እዋን ክንምሕር ከም ዘሎና ኣብ ግብሪ ምሂሩና። እሞ ኣነ ንሓወይ ንሓፍተይ ኣብ ሓዲስ ሕይወትን ርክብን ክጅመር ዝዓግተኒ ዘሎ እንታይ እዩ ኢልና እስከ ንሕልናና ንሕተት? ክንምሕር ዘጸገመና እንተ ኣሎ መስቀል ንጠምት ሽው ብርሃን መስቀል ኣብ መአዲ ምሕረት ክወስደና እዩ።

ሰንበት ዘንበት ኣብ ቤተ ክርስትያን ክንመጽእ እንከሎና ክንሕደስን ምስ ኣምላኽን ሰብን ሓዲስ ርክብ ክንፈጥር ኢልና ኢና። ኣብ መንበረ ኑዛዜ ኃጢኣትና ክንሳሕ ከሎና፥ ቃል ኣምላኽ ሰሚዕና ኣብ ልብና ክነሕድሮ ከሎና፥ ሥጋኡ ወደሙ ክንቅበል እንከሎና ሕይወትና ይሕደስ። ሰንበት ሰንበት ምስ ተሓደስና ንስብከት ወንጌል ንልኣኽ ካልኦት ኣሕዋትና ክሕደሱ ንሕግዝ እዚ እዩ ምስጢር ኣብ ቤተ ክርስትያን ዘምጽኣና። ስለዚ ነፍስወከፍ ካብ ቤተ ክርስትያን ከይተሓደሰ ክወጽእ የብሉን። ተሓዲሰ ኣሎኹ ኣምላኽ ምሳይ ኣሎ ኢልና ሕይወት ክንመርሕ ንዕደም ኣሎና።

ኣምላኽ ኩሉ ጊዜ ዝተሓደሰ ርክብ ክህልወና እዩ ዝደሊ ነዚ ክንርዳእ ኣብ ኦሪት ብነብያቱ ኣብ ሓዲስ ከኣ ብሓደ ወዱ ገሩ ኣብ ግብሪ ኣርእዩን ነጊሩን።

ኣብ ፩ዘነገስት 17፡17-24 ኤልያስ ነብይ ንወዲ ሓንቲ መበለት ካብ ሞት ከም ዘተንሥአ ነንብብ። ነዚ ክገብር እንከሎ ኣብኡ ዘሎ ኣምላኽ ምስኡ ከም ዘሎን ክሳብ ከንደይ ብእኡ ገሩ ክዓዪ ከም ዝደልን ንርኢ። ኣምላኽ ምስኡ ዘሎ ሰብ ኣብ ሕይወት ብመንፈሳውን ሥጋውን ክሕድስ ኃይሊ ከም ዘለዎ ንርኢ። ኤልያስ ነዚ ተኣምራት ዝገበሮ እታ መበለት ሓደ ወዳ ምስ ሞተ ኩሉ ተስፉታት ተጸንቂቑ ካብ ሕጂ ንድሓር ሓንቲ ዝግበር የለን ኢላ ኣብ ተስፋ ቊርጸት እንከላ እዩ ገርዎ። እዚ ዝነግረና ሓደ ነብይ ወይ ካህን ምእንቲ ህዝቡ ክልምን ክጽልን እንከሎ ነገራት ኣብ ምሕዳስን ኣብ ምቕያርን ዓቢ ግደ ከም ዘሎ የርድኣና። ከም ሳዕቡ ኸኣ ተስፋ ይሕደስ እምነት ይጸንዕ እሞ እንደገና ኣብ ህዝቢ ኣምላኽ ሓጎስ ከም ብሓዲስ ከም ዝመጽእ ይገብር። ኣምላኽ ንልመና ነብያቱ ከይሰምዐ ሱቕ ኣይብልን እዩ እዚ ኸኣ ንኽብሪ ስሙ እዩ።

ኤልያስ ነብይ ካብ ዝገበሮ ተኣምራት ብዙሕ ነገር ንምሃር፡ 1. ኣምላኽ ብልኡኻቱ ዓበይቲ ነገራት ከም ዝሰርሕ። 2. ብእምነት ክንልምን እንከሎና ኣምላኽ ይሰምዓና እዩ። 3. ትንሣኤን ሕይወትን ካብ ኣምላኽ ጥራሕ እዩ ክመጽኣና ዝኽእል።

ኣብ ቀዳመይቲ ንባብና ጳውሎስ ብዛዕባ ናይ ገዛእ ርእሱ ኣብ ኣምላኽ ከመይ ኢሉ ከም ዝተመልሰ ይነግር። ንሱ ቅድሚ ኣብ ክርስቶስ ምእማኑ ከም ምዉት እዩ ነሩ፥ ምኽንያቱ ኩሉ ተግባራቱ ካብ ስምዒት ሰብኣዊ ባህሪ ተበጊሱ ከም ሳውል እዩ ዝግብር ነሩ፥ እንተ ኾነ ከም ጳውሎስ ብምሉእ ተሓዲሱ ሓዲስ ሰብ ኮይኑ እዚ ኸኣ ብጸጋን ፍቕርን ኢየሱስ ክርስቶስ ዝኾነ እዩ። ጳውሎስ ኣብ ሕይወቱ ኣጸቢቑ ዝተረድኦ ብሰብኣዊ ስምዒትን ርድኢትን ተመሪሑ ዝገብሮ ጥፍኣት ሞት ከም ዘምጽኣሉ ንክርስቶስ ምስ ኣመነ ግን ሕይወትን ትንሥኤን ከም ዝረኸበ እዩ። ንሕና እውን ከም ጳውሎስ ብጸጋ ኢየሱስ ክርስቶስ ኢና እንሕደስን ኣብ ሓዲስ ሕይወት እንኣቱን። ስለዚ ሕይወትና ብነጻ ጸጋ ዝተዓደለ እዩ፥ እዚ ኸኣ ዓላማ ኣለዎ ማለት ኣምላኽ ንሓደ ሰብ ጸግኡ ክህቦ እንከሎ ንፍሉይ ዓላማ እዩ ዝዕድሎ።

ጳውሎስ ኣብ ሓዲስ ሕይወት ዝኣቶ ንክርስቶስ ክምስክር ምእንቲ እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ ወንጌል እንተ ሰበኽኩ ዝምክሓሉ የብለይን ምኽንያቱ ክሰብኽ ምእዙዝ እየ እንተ ዘይሰበኽኩ ግን ወይለይ (1ቆሮ 9፡16) እናበለ ምኽንያት ተሓድሶኡ ዝገለጽ። ኣምላኽ ንጳውሎስ ኣብ ሓዲስ ሕይወት ዘእተዎ ንሱ ንኻልኦት ኣብ ሓዲስ ሕይወት ክኣትዉ መጋበሪ ምእንቲ ኸውን እዩ። ንሕይወት ሰባት ብክፉእ ዘይ ኮነ ብጽቡቕ ነገር ክትንክፍ፥ ከምቲ ቀደም ዝገብሮ ዝነበረ ዘይኮነ ኣብ ሕይወትን ጸጋን ክመርሕ እዩ ተዋሂቡ ዘሎ። ንጳውሎስ ዝተዋህበ ሓዲስ ሕይወት ንኻልኦት ኣብ ክንዲ ሓዘንን ፍርሕን ዘምጽእ ሓጎስ ሰላም ተስፋን ከምጽእ ምእንቲ እዩ።

ኣምላኽ ንነፍስወከፍና ንሰባት ሕይወቶም ክንቅይር ክልእከና ጸግኡ ይዕድለና። ሕይወት ሰባት ክንቅይር መጀመርያ ንርእስና ክንቅየር ኣሎና፥ ከም ጳውሎስ ፍጹም ተሓድሶ የድልየና ኣተሓሳስባና መንፈስና እምነትና ኩሉ ቀይርና ኣብ ሓዲስ ምዕራፍ ሕይወት ክንጽመድ እሞ ንሽማና ዝኣመሰሉ ሰባት ኣብ ኣምላኽ ክንመልሶም ከምቲ ንሕና ተሓዲስናዮ ዘሎና ክሕደሱ እሞ ብወገኖም ንተልእኾ ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ከም ዘብጽሑ ክንገብሮም።

ኣብ ናይ ሎሚ ወንጌል እንተ ተመለስና ምስቲ ኣብ ፩ዘነ 17፡17-24 ዘሎ ዝመሳሰል ኮይኑ ንረኽቦ። ክልቲኡ ንሓደ ውሉድ ሓዲስ ሕይወት ከም ዝረክብ ኣብ ዝብል ዘተኮረ እዩ። ኣብ ክልቲኡ ዝመሳሰልን ዘይመሳሰልን ነገራት ኣለዎ፥ ዝመሳሰል ኣደን መበለትን ኣብቲ ጉዳይ ይጥቀሳ። ናይ ውሉድ ነገር ኣብ ክልቲኡ ይንገር። እቲ ውሉድ ምስ ሞተ ናይ ኣምላኽ ሰብ ካብ ሞት ናብ ሕይወት ይመልሶ እሞ ነዲኡ ይህቦ። እዚ ምትንሣእ ኣብ ሓዲስ ሕይወት ምምላስ ሓጎስ ፈጢሩ ኣብ ምምስጋን ኣምላኽ የብጽሕ።

ዘይመሳሰል ኤልያስ ከም ኣገልጋሊ ኣምላኽ ነቲ ዝሞተ ኣብ ሕይወት ክመልስ ፍሉይ ስርዓታትን ጸሎትን ተጠቒሙ። ኢየሱስ ግን ናብ ዝኾነ ዝጸለዮ የብሉን። ነታ መበለት መጸናኒዒ ይዛረባ ሽዑ ነቲ ወዲ ተንሥእ ኢልዎ። ኢየሱስ ትንሣኤን ሕይወትን እዩ ኤልያስ ግን ኣገልጋሊ ኣምላኽ እዩ።

ንኤልያስ እታ መበለት ለሚናቶ፥ ኣብ ወንጌል ግን ኢየሱስ ዝለመና ዘይብሉ ባዕሉ እዩ ነቶም ሬሳ ዝተሰከሙ ደው ኣቢሉ ዘተንሥኦ። ኢየሱስ ኣብ መንገዲ እዩ ነቲ ተኣምራት ፈጺምዎ ኤልያስ ኣብ ገዛ። ኢየሱስ ንሱ እቲ መገዲ እዩ። ኩልና በዚ መገዲ ክንጉዓዝ እንሕተት።

ኣብዚ መሰረት ገርና ኣብ ሕይወትና ክንርኢ ይሕግዘና ማለት ክሳብ ክንደናይ ብሕይወት ዘሎና ኢና። ሓደ ክህን ከም ዝብልዎ መብዝሕትና ዝሞትና ወይ ዝደቀስና ኢና። ኣብዚ ዘሎናዮ ዓለም ከምቲ ክነብሮ ዘሎና ኣይንነብርን። እንነብሮ ብኽልተ ክንርእዮ ንኽእል፡ ኣብ ዝሓለፈ ነገራት ጥራሕ እናጠመትና ንእኡ እናኣድነቕና ንነብር። ወይ ከኣ ኣብ ዝመጽእ ጥራሕ ኣተኲርና ንድሓር ገና ዘየሎ ንነብር። ሽዑ እቲ ሓቀኛ ዓለምን ሕይወትን ከየስተውዓልና ይሓልፍ። John Powll ዝተባህለ ካቶሊካዊ ጸሓፋይ ከም ዝብሎ መብዝሕትና ካብቲ ዘሎና ዓቕሚ ንእሽቶይ ጥራሕ እና እንጥቀም፥ ፍርቂ ሕይወት ኢና ዳርግ እንነብር ይብል በዚ ኸኣ Fully Human, Fully Alive” ዝብል መጽሓፍ ጽሒፉ። ቅ. ኢረነዩስ ክብሪ ኣምላኽ ሰብ ምብሉእ ክነብር እንክሎ እዩ ይብል።

ሎሚ ሕይወትና ብምሉእዶ ንነብሮ ኣሎና። ብኣካል ብግዙፍ ጥራሕ ምንባር እኹል ኣይኮነን። ካልእ መለኪዕታት ኣሎ ስምዒት፥ ማሕበራዊ፥ ኣእምራዊ፥ ሞራላዊን መንፈሳውን ደረጃታት። ከምኡ ልክዕ ከማና ዝኣመሰሉ ፍርቂ ፍርቂ ዝኾነ ሕይወት ዝነብሩ ብዙሓት ኣለዉና። ምናልባት ንሕና ካብቲ ዘለውዎ ክወጽኡ ወይ ሓፍ ክብሉ እሞ ሓዲስ ሕይወት ክለብሱ እሞ ዝነብርዎ ዓይነት ከማሓየሽ ሓገዝቶም ክንከውን ንኽእል ኢና። ኢየሱስ ኣብ ሓደ ትምህርቱ ዝሃበና ተስፋ ሕይወት ምእንቲ ክንረክብ ብምልኣትውን ምእንቲ ክንረኽባ ከም ዝመጸ ነጊሩና (ዮሓ 10፡10)። ኣብዚ ኢና እምብኣር ክንሓትት ዘሎና።

ዝኾነ ተሓድሶ ሓዲስ ዕድል ኣብ ሕይወት ዝኸፍት እዩ። ኣብዚ ዓለም ተልእኮና ክንፍጽም ዕድል ዝህብ እዩ። ዕለት ዕለት ክርስቶስ ብምስጢረ ሕይወት ገሩ ሕይወትና ይሕድሶ እዚ ኸኣ ሓዲስ ዕድል ኣብ ተልእኮኡ ክንጽመድ እሞ ፍረ ዘልኦ ሕይወት ምእንቲ ክነብር እዩ። ክርስቶስ ነዚ ሓዲስ ሕይወት ዝህበና ብፍሉይ ንምስጢረ ንስሓን ቅዱስ ቊርባንን ኣብ ግብሪ ክነዘውትሮም እንክሎና እዩ። ሓደ ሰብ ብኃጢአቱ ተነሲሑ ኣብ መንበረ ኑዛዜ ቀሪቡ ክሕደስ እንክሎ እሞ ኣብ መኣዲ ቅዱስ ቊርባን ብንጹሕ ሕልና ክካፈል እንክሎ ምሉእ ጸጋ ይዕደል። ክርስቶስ ኣብ ሓዲስ ሕይወት ከእትወና እንክሎ ሕይወት ብምልኣት ክነብሮ እዩ ዝደልየና እዚ ማለት ከኣ ብምሉእ ምስኡ ሓደ ክንከውን። ከምቲ ቅዱስ ኣጎስጢኖስ ሕይወትና ዕረፍቲ እትረክብ ንኣኻ ምስ ረኸበት ጥራሕ እያ፥ ዝብሎ ምልኣትን ሓቀኛ ትርጉም ሕይወትን ኣብ ክርስቶስ ጥራሕ እዩ ዝርከብ። ንሕይወት ብምልኣት ክነብሮ ብብርሃን ክርስቶስ ክንምራሕ ከምኡ ብሓቂ ክነብር የድሊ።

ካልእ ምኽንያት ክርስቶስ ሓዲስ ሕይወት ዘልብሰና ንኽማና ዝበሉ ሰባት ሓዲስ ሕይወት ክለብሱ ኣብኡ ክነምጽኢ ክነቕርቦም ንማለት እዩ። ከምቲ ኢየሱስ ነቲ ጎበዝ ካብ ሞት ምስ ኣተንሥኦ ነዲኡን ቤተ ሰቡን ሓጎስ ዘምጽኣሎም ንሕና እውን ነቶም ኣብ ከባቢና ዘለዉ ሓዲስ ሕይወትን ተስፋን ከም ዝረኽቡ ክንገብር ንማለት እዩ።

ኣብ መወዳእታ ቤተ ክርስትያን ሓደ ንጹር መልእኽቲ ክተነግረና ትደሊ ኣላ ናይ ሕይወት ምንጪ ኣምላኽ እዩ። ንሱ ዋና ሕይወትና ስለ ዝኾነ ከምቲ ንሱ ዝደልዮ ሕይወት ክንመርሕ ይደልየና ኣሎ። ንሱ ብኢየሱስ ክርስቶስን መንፈስ ቅዱስን ገሩ ሕይወትና ይሕድስ። ትርጉምን ምኽንያት ተፈጥሮና እዚ ካብ ኮነ ኣብ ሕይወትና እንታይ ክንገብር ይግብኣና? ንሕና እንነብሮ ንርእስና ኢልና ኣይ ኮናን እንንነብር ንኣምላኽ ኢልና ኢና እንነብር።

ሓዲስ ሕይወት ለቢስና እንነብረሉ ጸጋ ይዓድልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ